# ፪ - ቅድስት

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ፩ዱ ኣምላክ ኣሜን።

ካብተን ሸሞንተ ሰናብቲ ናይ ዓቢ ጾም፥ እዛ ካልኣይቲ ሰንበት “ቅድስት” ተባሂላ ትጽዋዕ። ካብዚ ዕለት እዚኣ ጀሚሩ ንሰሙን መመላእታ ከኣ ስለ ናይ እግዚኣብሔር ቅድስና፥ ናይ ደቂ ሰባት ቅድስና፥ ስለ ናይ ሰንበት ቅድስና ዝንገረሉ ኢዩ።

እግዚኣብሔር ብባህሪኡ ቅዱስ ኢዩ። ንቅድስንኡ ዝመዓራረዮ ወይ ድማ ከም ኣምላኽና ዝበለ ቅድስና ዘለዎ የለን። ንሱ ቅድስና ንብረቱ ኢዩ (ዘጽ፲፭፥፲፩/15፥11, ቀዳ.ሳሙ፪፥፪/2፥2፣ ሉቃ፩፥፵፱/1፥49። ቅድስና ናይ ባህሪኡ ዝኾነ ኣምላኽ ንወዲ ሰብ ብመልክዑን ብኣምሳሉን፥ ንጹህ ቅዱስን ገይሩ እዩ ፈጢርዎ። እዚ ቅድስና እዚ ዝተፍአ ብውድቀት ኣዳም ክኸውን ከሎ፥ ሰባት ናብ ንስሓ ተመሊሶም መንገዲ እግዚአብሔር፥ ሕጊ ኣምላኽ ኣብ ዝኽተልሉ ግዜ ናብ ቅድስና ከም ዝምለሱ ከኣ ካብ ኣቦና ኣዳም ጀሚሮም ናይ ዘለዉ ቅዱሳን ኣቦታትና ታሪኽ እኹል መረዳእታ እዩ። እግዚአብሔር ኣምላኽ ቅዱስ ከም ዝኾነ ድማ ደቂ ሰባት ብዘመና ምሉእ ቅዱሳን ክንከውን ኣምላኽና እግዚኣብሔር ይደልየና (ቀዳ.ጴጥ፩፥፲፫-፲፮/1፥13-16)።

ቅዱስ ዝብል ቃል ብእብራይስጥ “ቅዳሽ (ቆዶሽ)”፥ ብስሩስት ድማ ቃዲህ፥ ብዓረብን ግእዝን ድማ ቅዱስ ይበሃል።

ቅዱስ ዝብል ቃል ክትርጎም ከሎ ዝተቐደሰ፥ ክቡር፥ ምስጉን፥ ፍሉይ፥ ምሩጽ፥ ንጹህ፥ ጽሩይ ማለት ኢዩ።

## ፪ - ቅድስት

ብጠቕላላ ቅዱስ ዝብል ስም ንሓደ ክኸውን ከሎ ንብዙሓት ክንገር ከሎ ከኣ ቅዱሳን ይኸውን።

ብኣጠቓላሊ "ነገረ ቅዱሳን" ዝብል ቃል ክትርጎም ከሎ ስለ ቅዱሳን ምምሃር፥ ምስባኽ፥ ምጽሓፍ፥ ምምስካር ማለት ኢዩ።

ብዛዕባ ቅድስና ኣብ ዝንገረሉ ግዜ "ቅድስና" ናይ ባህሪን ናይ ጸጋን ተባሂሉ ኣብ ክልተ ይኽፈል።

ኣብዚ ክዝንጋዕ ዘይብሉ ግና ናይ ቅድስና በዓል ቤት ባዕሉ ኣምላኽና እግዚኣብሔር ኢዩ።

1) ናይ ባህሪይ ቅድስና፦

እግዚኣብሔር ብባህሪኡ ቅዱስ ኢዩ። ቅድስና ናይ ገዛእ ርእሱ ገንዘቡ ኢዩ። ቅድሚ ዓለም ምፍጣር፥ ዓለም ምስፈጠረ ንዘለኣለም ኣለም እግዚኣብሔር ቅዱስ ኢዩ። እዚ ማለት ቅድስና ናይ ባህሪኡ ኢዩ። እግዚኣብሔር ድማ ኣብ ባህሪኡ ለውጢ የብሉን። ስለዚ ናይ ባህሪ ቅድስና ንማንም ዘይውሃብ ማንም እውን ዘይጽውዓሉ ናይ እግዚኣብሔር ገንዘቡ ኢዩ። ነዚ ክገልጽ ከሎ ልዑል ቃል ነቢይ ኢሳይያስ "ነዚ ቅዱስ ኣምላኽ ድኣ ምስ መን ከተመዓራርይዎ ኢኹም፣ ምስ መንከ ከተመሳስልዎ ኢኹም፧ " ኢሳ፵፥፳፭/40፥25። "እግዚኣብሔር ጎይታ ሰራዊት ግና ጽድቂ ብምግባር ዕቤቱ የርኢ፥ ንሕዝቡ ብምፍራድ ከኣ ቅድስንኡ ይገልጽ። ሽዑ ኣብቲ ዝፈረሰ ከተማታቱ ዕያውቱ ክጓስያ እየን። መሓስእ ድማ ሳዕሪ ክረኽባ እየን" ክብል ጽሒፉ ዝሓደገልና (ኢሳ፭፥፲፮/5፥16) ።

እግዚኣብሔር ኣምላኽ ናይ ባህሪኡ መግለጺ ዝኾነ ዝጽዋዓሉ ስሙ እውን ቅዱስ ኢዩ።

## ፩ - ቅድስት

***ብተወሳኺ ነዞም ዝስዕቡ ጥቕስታት ተወከሱ፦***

* ኢሳ፶፯፥፲፭/57፥15 "ኣነ እቲ ንዘለዓለም ዝነብርን ልዑልን ዕዙዝን ቅዱስ ዝስሙ እግዚኣብሔር ኢየ"

* ራእ፬፥፰/4፥8 "እቶም ኣርባዕተ እንስሳ ድማ ነፍሲ ወከፎም ሽሽዱሽተ ክንፊ ኣለዎም። ብዝርይኦምን ብውሽጦምን ከኣ ኣዒንተ ዝመልኦም ኢዮም፥ ለይትን መዓልትን ከየቋረጹ ድማ "ቅዱስ፥ ቅዱስ፥ ቅዱስ ኩሉ ዝኽእል እግዚኣብሔር ኣምላኽ፥ ዝነበረን፥ ዘሎን ዝመጽእን" ይብሉ ነበሩ።

* ራእ፮፥፰/6፥8-10 ". . . እቲ ገንሸል ነቲ ሓምሻይ ማሕተም ምስ ፈትሐ ድማ ነፍሳት እቶም ምእንቲ ቃል ኣምላኽን ስለ እቲ ዝሃብዎ ምስክርነትን ዝተሓርዱ ኣብ ትሕቲ መሰውዒ ረኣኹ። ዓው ብዝበለ ድምጺ ከኣ "ኦ ቅዱስን ሓቀኛን ዝኾንካ ጎይታ! ክሳዕ መዓስ ኢኻ ዘይትፈርድ፧ ነቶም ኣብ ምድሪ ዘለዉኸ ክሳዕ መዓስ ኢኻ ሕነ ደምና ዘይትፈድዮም፧ እንዳ በሉ ጠርዑ።

* ሉቃ፩፥፵፱/1፥49 "እቲ ኩሉ ዝኽእል ዓበይቲ ነገራት ገይሩለይ ኢዩ እሞ ስሙ ቅዱስ ኢዩ"

*መዝ፴፫፥፳፩/33፥21 "ኣብ ቅዱስ ስሙ ስለ ዝተኣመንና ብእኡ ንሕጎስ ኣለና"

* መዝ፻፵፭፥፳፩/145፥21 "ኣነ ንእግዚኣብሔር ኩሉ ግዜ ከመስግኖ ኢየ፥ ኩሉ ፍጡር ከኣ ንቅዱስ ስሙ ንዘለኣለም ኣለም የመስግን"

2) ናይ ጸጋ ቅድስና፦ ናይ ጸጋ ቅድስና ዝበሃል እቲ ብባህሪኡ ቅዱስ ዝኾነ እግዚኣብሔር ብናቱ ረዲኤት ኣብ ልዕሊ ቅዱሳን ሓዲሩ ናይ ጸጋ

## ፪ - ቅድስት

ቅድስና ይዕድሎም። እዚ ከኣ ንደቂ ሰባት፣ ቦታታት፣ ንዋያት ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ወዘተ ዝወሃብ ናይ ጸጋ ቅድስና ኢዩ። ብጸጋ ክበሃል ከሎ ካብቲ ናይ ቅድስና በዓል ቤት ዝኾነ ኣምላኽ ብነጻ ዝወሃብ ኢዩ።

እዚ ከኣ ኣብ ቅድስና ጥራሕ ተሓጺሩ ዝተርፍ ዘይምዃኑ ምግንዛብ የድሊ። ከመይ ካብቲ ሓደ መንፈስ ቅዱስ ንፍጥረት ዝህቦም ናይ ጸጋ ውህበታት ብዙሓት ስለ ዝኾኑ (ቀዳ. ቆሮ፲፪፡፬/12፡4)

ብሓፈሻ እምበኣር ስለ ናይ ጸጋ ቅድስና ኮነ ናይ ባህሪ ቅድስና ዘርዚርካ ዝፍጸም ነገር ኣይኮነን። ብሓጺር ኣገላልጻ ግና እግዚኣብሔር ብባህሪኡ ቅዱስ ክኸውን ከሎ ኣብ ቅዱሳኑ ሓዲሩ ግን ብነጻ፣ ብምሕረት፣ ብልውሃት፣ ብናቱ ሰናይ ፍቓድ ቅዱሳን ተባሂሎም ከም ዝጽውዑ ይገብሮም።

ነዚ ከኣ ሊቀ ሓዋርያት ቅዱስ ጴጥሮስ ምስቲ ቅዱስ እግዚኣብሔር ንሊቀ ነብያት ሙሴ ዝተዛረቦ ቃል ኣወሃሂዱ "ከምቲ ዝጸወዓኩም ቅዱስ ዝኾነ ንስኻትኩም ድማ ብኹሉ ንብረትኩም ቅዱሳን ኩኑ" (፩ጴጥ፩፡፲፭-፲፮/1፡15-16። ዘሌ፲፱፡፪/19፡2)) ክብል ዝተዛረቡ። ሰባት ብሕጊ ኣምላኽ ጸኒዖም ካብ ሓጢኣት ርሒቖም ኣብ ዝነብርሉ ግዜ እግዚኣብሔር ብዝረድኦም መጠን ቅድስና ይለብሱ። እዚ ቅድስና እዚ ኢዩ ከኣ ናይ ጸጋ ቅድስና ተባሂሉ ዝጽዋዕ።

ስለ እዚ እምበኣር እቲ ዝጸውዓና ቅዱስ ስለ ዝኾነ ንሕና እቶም ናቱ' ውን ብቕድስና ንነብር።

ናይ ቅዱሳን ኣምላኽ ጥበብን ምስትውዓልን ይሃበና ኣሜን።

ስብሃት ለእግዚኣብሔር!!!